ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ማይጨዉ ንዘፈር ቁጠባ ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ማይ ስፔር ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድገ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሰነ 4, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 12, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:ታሕታይ ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 12, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ዝተሐደሰ ናይ 2018 ዓም ፍቃድ ንግዲ

2 ዝተሐደሰ ናይ 2018 ዓም ወረቀተ ምስክር መቅረባይነት

3 ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነን ናይ ተወሳኪ አሴት ታክስ ናይ ሚያዝያ 2018 ዓም ናይ ተወሳኪ አሴት ታክስ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል ከምእዉን መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግበሪ ክተቅርቡ እትክእሉ

4 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 200 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ማይጨዉ ቁፅረ ሐደ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ 27/9/2018 ዓም ጀሚሩ ምዉሳድ ይከኣል

5 ሰነድ ጨረታ ብስምዒ ዝተዓሸገ ፖስታ ወናን ቅዳሕን ብንፁር ናይ ሐደ ዋጋን ጠቕላላ ዋጋ መሊኡ ክሳብ 12/10/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ናብ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትዉ ይግባእ ናይ ጨረታ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ዘየቀረበ ተወዳደሩ ካብ ዉድድር ወፃኢ ይከዉን

6 እቲ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ማይጨዉ 12/10/2018 ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

7 መከበሪ ዉሕስና ንነብሰወከፈ ዝምለስ 10000 ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

8 ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘብሉን ኣብ ነብስ ወከፍ ገፅ ድማ ማህተም ፊርማ ክዓርፎ ይግባእ

9 ተጫረቲ ካብ ጠቕላላ ዝሰዓርዎ ዋጋ 10 ሚእታዊ መከበሪ ዉዕሊ ብምትሓዝ ድሕሪ ናይ ጥርዓን መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ብዝተኣዘዘ ስፐስፊኬን በዝሒን ፅሬትን ከረከቡ ምካኖም ክፈልጡ አለዎም

10 ሰዓራይ ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያን መፅዓንን መራገፍን ናብቲ ዝተበሃለ ቦታ ከብፅሕ ዝክእል

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ዝቀረቡ ዝርዝር ንብረት 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክን ምንካይን መሰል ከም ዘለዎ/ዉን ተጫረቲ ክፈልጡ አለዎም

12 መጫረቲ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልቲታት ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle